## ሰነ-ጽሑፍ
## ኣመዓባብላኡን ተራኡ ኣብ ሰውራን




### መእተዊ

ኣገዳስነትን ተራን ሰነ-ጽሑፍ ኣብ ሰውራ ንምብራህን ወፈያ ሰን-ጽሑፋዊ ስራሓት ንምብርባርን ብመጽሔት ይኹን ብሰሚናራት፡ ብተደጋጋሚ ተጻሒፋሉን ተዘሪቡሉን`ኳ እንተኾነ፡ ክምቲ ዝድለ ውጽኢት ይህብ ከምዘየለ ንኹሉ ብሩህ እዩ። በንጻሩ ግን ኣብ ሰውራናን ሕብረተ-ሰብናን ዝመጽእን ዝካየድን ዘሎ መስተንክራዊ ምዕባለን ሱር በተኻዊ ለውጥን፡ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ ሰዓት ናብ ሰዓትን ካብ ደቒቕ ናብ ደቒቕን`ውን ከይተረፈ ብቕልጡፍ ፍጥነት ይጓዓዝ ከም ዘሎ ኣየካትዕን። ክንዲ ዝኾነ ድማ ነቲ ሰን-ጽሑፋዊ ስራሓት ናይ ምስፍሕፋሕ ጠለብ ብዝያድ ድሙቕን እዋናውን ይገብሮ።

ክፍሊ ፓለቲካዊ ምንቕቓሕ ነዚ ሕቶ`ዚ ብግቡእ ንምምላሽ፡ ኣቐዲሙ ነቲ ንምዕባለን ምስፍሕፋሕን ሰን-ጽሑፍ መሰረት ዝኾነ፡ ናይ ምጥፋእ መሃይምነት ቀለማዊ ትምህርቲ፡ ወላ ብዝተሓተ ደረጃ ናይ ምዝርጋሕ ዕማም ኣተኩሩሉ ጸኒሑ። እዚ ዕማም`ዚ ግን ገና ነዊሕን ሓያልን ቃልሲ ይሓትት ኣሎ። ይኹን`ምበር፡ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት እናተኻየደ እንከሎ፡ ሰነ-ጽሑፋዊ ስርሓት ጐድኒ-ንጐድኒ ክነጣጠፍ ኣድላዪ እዩ። ስለ`ዚ፡ ሰነ-ጽሑፋዊ ስራሓት ንምንጥጣፍን ደረስቲ ኣበራቢርካ ንምንቅስቓስን እዛ ፍልይቲ ጽሕፍቲ እዚኣ ምቕራብ ኣድላዪ እዩ።

እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ነቲ ሰዒቡ ክመጽእ ዘለዎ ዕቱብ ስራሕ ኣብ ሰነ-ጽሑፍ ድርኩኹት፡ ብዛዕባ ሰነ-ጽሑፍ ድማ መካትዒት ክትከውን ደኣ`ምበር ናይ መጠረሽታ ብቕዕቲ ቃል ወይ ጽሕፍቲ ኣይኮነትን። ብርእይቶን ክትዕን ክትሞብልን ክትመሓየሽን ከኣ ትኽእል።

እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ኣብ ኩሉ ቦታታት ተዘርጊሓ ዘድሊ ምይይጥ ምስ ተገብረላ፡ ካብ ናይ ካልእ ቋንቋ ስነ-ጽሑፍ ዝተተርጎሙ ሓደ-ሓደ ሓጸርቲ ጽሑፋትን ካብ ናይ ገዛእ ሰውራናን ህዝብናን ተመኩሮ ዝተደርሱ ጽሑፋትን ክስዕቡዋ እዮም። ብድሕሪ`ዚ ዝግበር ስነ-ጽሑፋዊ ስራሓት ጥርኑፍን ኣገባብ ዝሓዘን ንክኸውንን ብዘይ ፍላጥ ምድግጋም ንኸየኸትልን ስነ-ጽሑፋዊ ስርሓት ካብ ካልእ ቋንቋታት ክትርጉሙ ቅሩባት ዝኾኑ ብጾት፡ ኣቐዲሞም ንኽፍሊ ፓለቲካዊ ምንቕቓሕ፡ ጨንፈር ባህሊ ክውክሱ ከድሊ እዩ። መበቈላዊ ጽሑፍ (ማለት ካብ ካልእ ቋንቋታት ዘይተተርጎመ) ከበርክቱ ዝደልዩን ዝኽእሉን ግን፡ ከይተቘጠቡ ክደፍኡሉ ይኽእሉ ጥርያ ዘይኮነ ኣለዎም`ውን።

ክፍሊ ፓለቲካዊ ምንቕቓሕ
ሜዳ፡ 1982